**Seattle Office of Labor Standards**

# Domestic Workers Ordinance

## ናይ 2024 ሞዴል ምልክታመሰላትን ሓበሬታ ክፍሊትን

እቶም ብ Domestic Workers Ordinance (ብድንጋገ ሰራሕተኛታት ገዛ) ዝሸፈን ን ሰራሕተኛ ገዛ ዝቖጽሩ ወይ ዝኸፍሉ ሰባት ድና ነዚ ሞዴል ምልክታ ንሰራሕተኛኦም በቲ ንክጥቀመሉ ዝምችኦ ቋንቋ ክዝርግሑ ይተባብዑ። እዚ ምልክታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ንምግልጋል ዝዓለመ ኣይኮነን ከምኡ'ውን ምስ ከተማ Seattle ውዕል ዝፈጥር ኣይኮነን።

ዕለተ ምልክታ ______/______/______ ስም ሰራሕተኛ ____________________

ስም ቆጸሪ ኣካል ____________________ ናይ ቆጻሪ ኣካል ቁጽሪ ቴለፎን ወይ ኢመይል ____________________

ናይ ቆጸሪ ኣካል ኣድራሻ ____________________

## ዝወሓደ ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰል

እንተወሓደ ናይ Seattle ዝተሓተ ደሞዝ ክትረክብ መሰል ኣለካ። መጠን ደሞዝካ ን ሰዓት ከኣ: $______________ / ሰዓት እዩ።

ትኽፈለሉ ዕለት ድማ እዚ ዝስዕብ እዩ: ____________________
(እዚ ማለት፡ ኣብ መወዳእታ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ስራሕ፡ ኩሉ ግዜ ዓርቢ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 2 ሰሙን ሰሉስ፡ ወዘተ)

| ናይ 2024 ዝወሓደ ደሞዝ ንሰዓት | ዝተሓተ ካሕሳ | ሓደ ሰራሕተኛ $2.72/ሰዓት ብቲፕ** ወይ ኣስራሒ ዝህቦ ሕክምናዊ ረብሓታት እንተዳኣ ረኺቡ |
|---|---|---|
| መብዛሕትኦም ሰራሕተኛታት ዝቖጽሩ ኣካላት | 19.97 ዶላር | 17.25 ዶላር |
| 501+ (ልዕሊኡን) ሰራሕተኛታት ዘለውዎ ኣስራሒ | 19.97 ዶላር | |

** ቁጹር ሰራሕተኛ እንተዳኣ ኾንካ ኣስራሒኻ ብዛዕባ ፖሊሲ (መምርሒ) ቲፕ ሓበሬታ ክህበካ ኣለዎ።

እንተዳኣ ተተሓሒዙ ኮይኑ ኣረጋግጽ ☐

### ተወሳኺ ሰዓት ዝግብኣካ እንተኾይኑ ብቕዓትካ፡ ኣብ ዝምልከት ዘበለ ረአ

- ☐ ተወሳኺ ሰዓት ኣይግብኣካን እዩ።
- ☒ “ተወሳኺ ሰዓት ዝግብካ” ሰራሕተኛ ኢኻ፡ ማለት ኣብ ሓደ ሰሙን ልዕሊ 40 ሰዓታት ንዝሰራሕካዮ ሰዓታት ብ1.5x (ግዜ) ካብ'ቲ ስሩዕ መጠን ደሞዝ ይግብኣካ።

## ናይ ዕረፍቲ መሰል

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝሰራክካዮ ኣርባዕተ ሰዓታት ናይ ሓደ ዝቖጽር ትካል፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ሳልሳይ ሰዓት ስራሕ፡ ዝኽፈሎን ዘይቛረጽን ናይ 10 ደቓይቕ ዕረፍቲ ክትረክብ መሰል ኣለካ።

### ዕረፍቲ፡ ኣብ ዝምልከት ዘበለ ረአ

ዝኽፈሎን ዘይቋረጽን ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ እንከለኻ ዕረፍቲ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ፡ ምስ ተጸዋዕካ ድማ ናብ ስራሕ ክትምለስ ትግደድ። ኣብ ትሕቲ ናትካ ምእላይ ናይ ዘሎ ሰብ ጥዕናን ድሕነትን ሓላፍነት እንተሃልዩካ፡ ብሰንኪ ግቡእካ ዕረፍትኻ ክሓልፈካ ይኽእል እዩ። ኣብዞም ኣጋጣሚታት፡ ንነፍሲ ወከፍ ዝሓለፈካ ዕረፍቲ ተወሳኺ ናይ 10 ደቓይቕ ደሞዝ ወይ $________________, ክኽፈለካ እዩ።

ዕማማትካ፡ ኣብ ትሕቲ ናትካ ክንክን ናይ ዝርከቡ ሰባት ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ሓደጋ ከየእተኻ ዘይቋረጽ ዕረፍትኻ ናይ ምውሳድ ተኽእሎኻ ዘይከኣል ወይ ዘይተግባራዊ ይገብሩ። ንነፍሲ ወከፍ ዝሰራሕካዮ ኣርባዕተ ሰዓታት፡ ተወሳኺ ናይ 10 ደቓይቕ ደሞዝ ወይ $________________, ክኽፈለካ እዩ።

**ዕረፍቲ ንምርካብ ዘድልዩ ረቛሒታት፡**

- እዚ ዕረፍቲ ድማ ከተዕርፍን ግዜኻ ብኸመይ ከም እተሕልፎ ካልእ ውልቃዊ ምርጫታት ክትገብርን ከኽእለካ ኣለዎ።
- ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ክትጸንሕን ምስ ተጸዋዕካ ናብ ስራሕ ክትምለስን ክትሕተት ትኽእል ኢኻ፡ እዚ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ናይ ስራሕ ዕማማት ክትልቀቕ ትኽእል ኢኻ።
- ዕረፍትኻ ብኣስራሒኻ ወይ ብዕማማት ስራሕ እንተተቛሪጹ፡ ተኸታታሊ ናይ 10 ደቓይቕ ዕረፍቲ ክትወስድ ክሳብ ትኽእል እቲ ዕረፍቲ ዳግማይ ይጅምር።

*ኣስተውዕል: ብቐጥታ ብሓደ ዝቖጽር ትካል ዝተቖጽሩ ሰራሕተኛታት፡ ተወሳኺ ንናይ ከባብያውን ግዝኣታውን ደረጃታት ዕዮ፡ እንተላይ ዝኽፈል ናይ ሕማምን ውሑስ ግዜን ክረኽቡ መሰል ክህልዎም ይኽእል። ብዛዕባ መሰላት ሓደ ሰራሕተኛ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ www.seattle.gov/laborstandards ክርከብ ይከኣል።

## ናይ መግቢ ግዜ ናይ ምርካብ መሰል

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙሽተ ሰዓታት ንሓደ ቆጻሪ ትካል ዝሰራሕካዮ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ሓሙሻይ ሰዓት፡ ብዘይ ምቁራጽ ናይ 30 ደቓይቕ ናይ መግቢ ግዜ ክትረክብ መሰል ኣለካ።

### ናይ መግቢ ግዜ፡ ኣብ ዝምልከት ዘበለ ረአ

ኣብ እዋን ናይ መግብኻ ግዜ፡ ካብ ናይ ስራሕ ዕማማት ምሉእ ብምሉእ ናጻ ክትከውን ኢኻ። ዘይክፈሎ ናይ መግቢ ግዜ ክትረክብ ኢኻ። ዘይክፈሎ ናይ መግቢ ግዜ ክትገድፎ ትኽእል ኢኻ። ንናይ ምሕዳግ ጠለባት ኣብ ጎድናዊ ሳንዱቕ ርአ።

ኣብ ናይ መግቢ ግዜኻ፡ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ክትጸንሕን ምስ ተጸዋዕካ ናብ ስራሕ ክትምለስን ትግደድ፡ እዚ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ናይ ስራሕ ግዴታኻ ናጻ ኢኻ። ዝኽፈሎ ናይ መግቢ ግዜ ክትረክብ ኢኻ። ነዚ ዝኽፈሎ ናይ መግቢ ግዜ ክትገድፎ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ን ሓደ ኣባል ስድራቤት ንናቱ ጥዕናን ድሕነትን ሓላፍነት ኣለካ፡ ነገር ግን ዝኽፈሎ ናይ መግቢ ግዜ ክትረክብ ክትክእል ኣለካ። ኣብተን ብሰንኪ ስራሕካ ናይ መግቢ ግዜኻ ዝሰኣንካለን መዓልታት፡ ንሰኻ ንነፍሲ ወከፍ ዝሓለፈካ ናይ መግቢ ግዜ፡ ተወሳኺ ናይ 30 ደቓይቕ ክፍሊት ወይ $________________, ክትከሓስ ኣለካ።

ዕማማትካ፡ ኣብ ትሕቲ ናትካ ክንክን ናይ ዝርከቡ ሰባት ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ሓደጋ ከየእተኻ ዘይቋረጽ ዕረፍትኻ ናይ ምውሳድ ተኽእሎኻ ዘይከኣል ወይ ዘይተግባራዊ ይገብሩ። ንነፍሲ ወከፍ ዝሰራሕካዮ ሓሙሽተ ሰዓታት ተወሳኺ ናይ 30 ደቓይቕ ደሞዝ ወይ $________________, ክኽፈለካ እዩ።

#### ናይ መግቢ ግዜ ንምርካብ ዘድልዩ ረቛሒታት፡

- እዚ ናይ መግቢ ግዜ ንከተዕርፍን ግዜኻ ብኽመይ ተሕልፎ ዝኣመሰለ ካልእ ውልቃዊ ምርጫታት ክትገብርን ከኽእለካ ኣለዎ።
- ናይ መግቢ ግዜኻ ብኣስራሒኻ ወይ ብናይ ስራሕ ዕማማት እንተተቛሪጹ፡ ተኸታታሊ ናይ 30 ደቓይቕ ዕረፍቲ ክትወስድ ክሳብ ትኽእል እቲ ናይ መግቢ ግዜ ዳግማይ ይጅምር።

#### ናይ መግቢ ግዜ ወይ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ ምሕዳግ?

- እዚ ምሕዳግ ወለንታዊን ንረብሓ ሰራሕተኛን ክኸውን ኣለዎ።
- ትሓድጎም ዘለኻ መሰላትን፡ ምሕዳግ ዘስዕቦ ሳዕቤንን ክትሕበር ኣለካ።
- ምሕዳግካ ድማ ናይቲ ምሕዳግ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ዕለት (ዕለታት) ከመልክት ኣለዎ።
- ነዚ ምሕዳግ ኣብ ዝኾነ እዋን ክትስርዞ መሰል ኣለካ።

## መሰል ናይ መዓልቲ ዕረፍቲ

6 መዓልቲ ብተኸታታሊ ትሰርሕ እንተኾንካን ኣብ ስራሕ ቦታኻ ትነብር ወይ ትድቅስ እንተኾንካን ድማ ዘይክፈሎ ናይ 24 ሰዓታት ናይ ዕረፍቲ ግዜ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።

- ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ዝኾነ ይኹን መጠን ስራሕ ከም ናይ ስራሕ መዓልቲ ብቑዕ ይኸውን።
- ኣብዚ ናይ 24 ሰዓታት ናይ ዕረፍቲ ግዜ ካብ ናይ ስራሕ ግዴታ ምሉእ ብምሉእ ከተዕርፍ ኣሎካ፡ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ክትጸንሕ ድማ ዘይትግደድ ክትከውን፡ ወይ እንተተጸዊዕካ ናብ ስራሕ ክትምለስ ዘይትግደድ ክትከውን ኣለካ።
- ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ ክትገድፍ ትኽእል ኢኻ። ንናይ ምሕዳግ ጠለባት ኣብ ጎድናዊ ሳንዱቕ ርአ።.

## ውልቃዊ ሰነዳት ናይ ምዕቃብ መሰል

ኦርጅናል ሰነዳትካን ውልቃዊ ንብረትካን ናይ ምሓዝ መሰል ኣለካ።

## ሕነ ምፍዳይ ክልኩል እዩ

ካብ ሕነ ምፍዳይ ነጻ ናይ ምኻን መሰል ኣለካ። ሓደ ዝቖጽር ትካል ኣሉታዊ ስጉምቲ ክወስድ ዘይሕጋዊ እዩ። (ንኣብነት፡ ምስጓግ፡ ምጉዳል ካብ ስልጣን፡ ከምኡ'ውን ኩነታት ናትካ ናይ ኢሚግሬሽን ክነግር እየ ኢልካ ምፍርራሕ)፡ እዚ ድማ ብምጥቃም ናትካ ብ Seattle Labor Standards (ናይ ስያትል ደረጃታት ዕዮ) ዝሕለዉ መሰላት።

### ሕቶ ወይ ጥርዓናት?

ሕቶ ንምሕታት ወይ ጥርዓን ንምቕራብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣዘራርብ፡
**Seattle Office of Labor Standards (ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ስያትል) ኣብ (206) 256-5297**
ወይ ኣብ www.seattle.gov/laborstandards ብጻሕ።

ኩሎም ኣገልግሎታት ብናጻ እዮም።
ብነጻ ናይ ቋንቋ ትርጉም ክህቡ እዮም።
ብዛዕባ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትካ ፈጺሞም ኣይሓቱኻን እዮም።

### ምክልኻል ሲቪላዊ መሰላት

ሰራሕተኛታት ገዛ ድማ ብተወሳኺ ብመሰረት Seattle's Fair Employment Practices Law (ሕጊ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ስራሕ ሲያትል ካብ ጾታዊ ወጽዓ)፡ ሕነ ምፍዳይን ኣድልዎን ነጻ ናይ ምኻን መሰል ኣለዎም።

ብዛዕባ እዚ መሰል ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ፡
**Seattle Office for Civil Rights (ቤት ጽሕፈት ሲቪልዊ መሰላት ሲያትል) ብ (206) 684-4500**
ወይ ኣብ www.seattle.gov/laborstandards ብጻሕ።